**ኮቪድ-19 ሓበሬታ መዘኻኸሪ**

**6 ነሓሰ 2020**

**ዝተሓደሰ ሓበሬታ ካብ ህዝባዊ ጥዕና**

ኣብ ዝሓለፈ ውሑዳት ሰምንታት ብሰንኪ ዝነበረ ዓቢ ምዝንጋዕን ምእካብን ኣብ ከተማና ብብዝሒ ለበዳ ኮቪድ-19 ተራእዩ። እዚ ድማ ኣብ መዓልታዊ ሂወትና ሓደግነት ናይ ምልካፍ ቫይረስ ክሳዕ ሕጂ ኣሎ። ቀይድታት ነጻ ኣብ ዝተለቐቐሉ ምስ ዳግማይ ምኽፋት 3ይ መድረኽ (phase 3) ውጥን ፣ ነፍሲ ውከፍ ሰብ ጥዕና ሕብረተሰብና ንምክልኻል፡ ንድሕነት ዝውሰድ ስጉምቲ ምትግባርን መምርሒታት ምኽታልን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ንምትግባር:

1. መጎዓዝያ ብሪትሽ ኮሎምብያ ናይ ገጽ ማስኬራ ካብ ነሓሰ 24 ክልበስ ትእዝዝ
2. ጉጅላዊ ምዝንጋዕን ዓቢ ምእካብን ነወግድ። ውሑድ ምእካብ ኣብ ውሽጢ ቤትና ንቐጽሎ። ካብ ደቂ ገዛና ወይ ስድራና ወጻኢ እንተበዝሑ 6 ዝኾኑ ሰባት ጥራሕ ንተኣከብ።
3. ካብ ወጻኢ ቤትና ብዝሒ ህዝቢ ዘለዎ ቦታታት ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ነዘውትር
4. ሓባራዊ ምርሕሓቕ ነተግብር ፡ ኣእዳውና ምሕጻብን ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ቦታታት ማስኬራ ምልባስን

**መዘኻኸሪ፥ ምስ እንሓምም ኣብ ገዛ ምጽናሕ፡ ኣእዳውኩም ብጉቡእ ተሓጸቡ፡ 2 ሜትሮ ተረሓሓቑ ኣብ ደገ 2 ሜትሮ ክትርሓሓቑ እንተዘይኪኢልኩም መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን (ማስክ) ልበሱ።**

**ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ**

## 1. መጎዓዝያ ብርትሽ ኮሎምብያ ናይ ገጽ ማስኬራ ካብ ነሓሰ 24 ክልበስ ትእዝዝ

- ካብ ነሓሰ 24 ጀሚሩ ትራንስሊንክን መጋዓዝያ ብርትሽ ኮሎምብያን ኣብ ኩሉ ከተማ ማስኬራ (ናይ ገጽ መሸፈኒ) ኣብ ህዝባዊ መጎዓዝያ ክልበስ ትእዝዝ
- እዚ መምርሒ ንኹሉ ኣብ ኣቶቡስ፡ባቡር፡ ወይ ኣብ ናይ ባሕሪ ኣቶቡስ ኣብ ሜትሮ ቫንኮቨር ተሳፋርትን ከሙ'ውን ብመጎዓዝያ ቢሲ ዝዓያ ካብ ዞባ ወጻኢ ኣቶቡሳትን ።
- እቶም እንኮ ነዚ መምርሒ ምሕረት ዝተገብረሎም (ዘይምልከቶም) ህጻናት ትሕቲ 5 ዓመትን ወይ ድማ ዝኾነ ሰብ ብሰንኪ ጸገም ናይ ጥዕና ማስኬራ ክለብሱ ዘይክእሉ

## 2. ጉጂላዊ ምዝንጋዕን ዓቢ ምእካብን ነወግድ

ምኽንያት መንቀሊ ኮቪድ-19 ምስ ብሕታዊ ብጉጅለ ምዝንጋዕ ዝተሓሓዝ ኣብ ከባቢ ሜትሮ ቫንኮቨር ዝተኸስተ፡ ብተመሳሳሊ ድማ ኣብ ኬሎና ዝተኸስተ ምስ ብሕታዊ ዓቢ ምእካብ ይተኣሳሰር።

- ዋላ 'ውን ንእሽቶ እንተኾነ ናብ ጉጂላዊ ምዝንጋዕ ምኻድ ነወግዶ፡ ዝተደራረብ ሓባራዊ ጉጅለ ኣብ በበይኑ ጉጅላዊ ምዝንጋዕ ንምዝርጋሕ ቫይረስ ኣስተዋጽኦ ክገብር ይኽእል።
- ካብ ደቂ ገዛና ወይ ካብ ስድራና ወጻኢ ካብ 6 ዘይበዝሑ ሰባት ክንእከብ ንኽእል
    - ምትእኽኻብና ካብ ቤትና ወጻኢ ነዳልዎ
    - ኣካላዊ ምርሕሓቕ ንዓቅቦ፡ ካብ ደቂ ገዛና ወይ ካብ ስድራና ወጻኢ ኣይንተሓቓቐፍን ኣይንሰዓዓምን
    - ተጠቂምና ንግሑፎ፡ ቢያትታትን መመታተርን ንጠቀም ፡ ንሰባት ናቶም መግቢ ሒዞም ክመጹ ነተባብዓዮም ። ዝኾነ መግቢ ምብላዕ፡ መሰርሒ ናውቲ ምጥቃም፡ ካልእ ናይ ውልቅና ንብረት ብሓባር ምጥቃም ነወግድ
    - ብፈሳሲ ሳምና; ብኢድካ ዘይትሓዝ ናይ ጎሓፍ ምጥቃምን ኣልኮል ትሕዝቶ ዘለዎ ናይ ኢድ መጽረይን ጌርና ኣእዳውና ብግቡእ ነንጽህ

## 3. ካብ ቤትና ወጻኢ ብዝሒ ህዝቢ ዘለዎ ቦታታት ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ነዘውትር

ካብ ቤትና ወጻኢ ብዝሒ ህዝቢ ዘለውዎ ንምክልኻል ዝኾኑና ስጉምትታት ክንወስድ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ቦታታት ከም ኣብ መስርዕ (ሪጋ) ፥ገምገም ባሕሪ፥ መደበር መዓስከር ፥ ሜዳታት መጻወቲ፥ ናይ ኣኽላባት መናፈሻን።

ስጉምትታት ካብ ቤትና ወጻኢ ክንወስዶም እንኽእል እዚ ዝስዕብ የጣቓልል፥-

- ኣብ ገምገም ባሕሪ፥ ናይ ዙረት ቦታ፥ወዲኻ እትርእዮም ተፈጥራዊ ቦታታት ( lookout points) ሪጋ መእተውን/መውጽእን ዓቢ ጉጅለ ወይ ምእካብ ነወግድ።
- ናይ ሓባር ግዳም ምትንካፍና፥ ከም ኮፍ መበሊ መናፈሻ ፥ ህዝባዊ ሽንቲ ቤትን ናውቲ ናይ ሜዳ መጻውትን ድሕሪ ምጥቃምና ኣእዳውና ብግቡእ ንተሓጸብን ንንጻህን ( sanitize)።
- ምስ ሰባት ሒደት ክንራኸበሉ ንኽእል ኣዘናጋዒ ስፐርት፡ ምስ ካልኦት ተጻወትቲ 2 ሜትሮ ተራሓሒቕና ንጻወት
- ማይ ዝስተን እኽለ ማይን ንማልእ፥ ካብ ህዝባዊ መንጫዕጫታት ማይ ካብ ምስታይ ንቆጠብ
- ምስ ምሳና ዘይቅመጡ ሰባትን ወይ ምስታ ሒደትን ዘይትቀያየር ማሕበራዊ ዓንኬልና ወጻኢ ዝኾኑ ሰባት ነገራት ኣይንካፈል

## 4. ኣብ ውሽጢ ገዛ ብዝሒ ህዝቢ ዝእከብዎ ቦታታት ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ነዘውትር

ብዙሓት ቤት መግብታት ኣብ ውሽጢ ቦታ መመገቢ ክፍሊ ከፊተን ኣለዋ። ንድሕነት ንዓናን ንካልኦትን ፣ ቅድሚ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ምምጋብና ክሳዕ ክንደይ ሓደግነቱን ኣማራጺታትን ክንፈልጥ ይግብኣና

- ኣብ ውጻኢንጠቀም (takeout) ፣ ወይ ኣብ ደገ ቤት መግቢ ኣብ ቀጽሪ ኮፍ ኢልና/ እንተተኻኢሉ ድማ ጠጠው ኢልና ክንበልዓሉ ንኽእል ጣውላ
- ምስ 6 ሰባት ጥራሕ ኮፍ ምባል ዝብል መምርሒ ንስዓቦ፡ካብ ጣውላ ናብ ጣውላ ኣይንነጣጠር
- ዝኾነ ይኹን መስተ ወይ ኣቑሑት ብሓደ ኣይንካፈል
- ከም ዝርዝር ዓይነታት መግቢ ዝነግር፡ ሴድያታት፡ ጣዋሉ፡ መቀማመጢ ኩባያታትን ናይ መኽፈሊት ማሽንን ድሕሪ ምትንካፍና ኣእዳውና ብግቡእ ነጽርዮ
- ኣብ ዘይናትና ኮፍ መበሊ ኮፍ ምስ እንብል ማስኬራ ወይ ናይ ግጽ መሸፈኒ ንልበስ
- ካብ ባዕልኻ መግቢ ምውሳድ ንወግድ ንኣብነት ከም ቡፌን ናይ መስተ ዓዳልን
- መታን ቅኑዕ ክንውስንን ናይ ምድሓን ስጉምቲ ክነተግብርን ካብ ምህላኽ ብዝሒ ኣልኮል ንቆጠብ

ብተውሳኺ ንምድሓን ስጉምትታት ንኹሎም ሓባራዊ ቦታታት፡ ኣብ ምልኣኽ (ተላኣኺ/ኺት) ተወሳኺ ስጉምቲ ንውሰድ

- ርጉጽ ስርዓት ፣ ከም ዎልማርት ካናዳን ኮስትኮ፣ ኣብ ውሽጢ ማስኬራ ምልባስ የድሊ። ዋላ'ውን እዚ መምርሒ እንተዘየለ ኣብ ውሽጢ ቦታ እንተሊና ማስክ ክንለብስ ይግብኣና
- ምሳና እንማልኦም ሰባት ገደብ ንግበረሎም
- እንሕዞም ነገራት ገደብ ንግበረሎም ንሕና ክንገዝኦም ዝደለና ጥራሕ ነልዕል
- ኣብ መሬት ተጌሩ ዘሎ ምልክታትን ንሓባራዊ ምርሕሓቕ ዘምልክት ዘለዎ መስርዕን ክንጎዓዝ ከለና ንስዓቦ
- ኣብ'ቲ ጠጠው መበሊ ምስ በጻሕና ማስኬራና ከነውጽኦ ኣይንፈትን

ብምኽንያት ዝወሰድናዮም ስጉምትታት ከተማና ፍጻሜ ቁጽሪ ምትሕልላፍ ከንጉድሎ ኪኢልና ኣሎና። ከተማና ብተኸታታሊ ብጥንቃቐ ኣብ ዳግማይ ትኽፍተሉ ዘላ እዋን ንህዳእ፥ ክንጥንቀቕ ንጽናሕን መምርሒታት ንከተልን።